# ሓበሬታታት ብዛዕባ ኮሮና፡ ፍቓድ ዕረፍትን ምግዓዝን

## ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ዝተኣታቶ ስጉምትታት፡ ጽሑፋዊ ሓበሬታት/ብሮሸራት፡ ፊልም፡ ሓቅታትን ምኽርታትን

ኣብ ገጽ መርበብ ሓበሬታ ትካል ህዝባዊ ጥዕና/Folkehelseinstituttet ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ -19) ዝምልከት ጽሑፋዊ ሓበሬታታት/ብሮሸራት፡ ፊልምታት፡ ሓቅታትን ምኽርታትን ዝተኣታተው ስጉምትታትን ይርከብ። እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ/browserካ ምስ እትጽሕፎ ብዛዕባ ኩነታት ኮሮና ኣብ ገጽ መርበብ ሓበሬታ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ትረክብ፡ https://www.fhi.no/sv/smittsomme-sykdommer/corona/

እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browserካ ምስ እትጽሕፎ ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ዝምልከት ሕቶን መልስን ዝሓዘ ን24 ቋንቋታት ዝተተርጎመ ጽሑፋዊ ገጻት ትረክብ ፡ https://www.fhi.no/nettpub/coronavirus/?chapter=89177

እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browserካ ምስ እትጽሕፎ ዝተኣከበ ሓበሬታታት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ዝምልከት ሓቅታት፡ ምኽርታትን ዝተኣታተው ስጉምትታትን ዝሓዘ ትረክብ፡ https://www.fhi.no/nettpub/coronavirus/?chapter=89177

ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንዓኻ ኣገዳሲ ክኸውን ዝኽእል ሓበሬታታት ብዛዕባ ርሕቀት፡ ውሸባን ምቅርራብን (ብዝሒ ሰባት ክትቀራርቦም እትኽእል) ብኖርወይኛን እንግሊዘኛን ኣኪቡልካ ኣሎ። እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browserካ ጽሓፎ፡ https://www.udi.no/asylmottak/informasjon-til-beboere-pa-asylmottak-om-koronasituasjonen/

ብዛዕባ ኮሮና ዝምልከት ካልእ ሕቶታት እንተድኣ ኣልዩካ ምስ ሰራሕተኛታት እትቕመጠሉ መዓስከር ክትዛራረብ ትኽእል ኢኻ።

## ካብ ንመዓስከር ለበዳ ሒዝካ ምምጻእ ተወገድ

ንመዓስከር ለበዳ ሒዝካ ንከይትመጽእ ዝከኣለካ ክትገብር ኣለካ። እኹል ርሕቀት ክትሕልወሉ ዘጸግመካ ቦታታት ወይ ኣብ ዝያዳ ዝተለኽፈ ከተማታት ኔርካ እንተኾንካ፡ ለበዳ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ውርድ ኢልካ ኣብ ታሕቲ ናይዚ ገጽ ዘሎ መራኸቢ፡ ንለበዳ ብኸመይ ከተወግድ ከም እትኽእል ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ሓበሬታታ ትረክብ ኢኻ።

## እንተድኣ ዝተለኽፍካ ኰይኑ ተሰሚዑካ

እንተድኣ ዝተለኽፍካ ኰይኑ ተሰሚዑካ፡ ንኽትምርመር ኣብ ሓደ መደበር መመርመሪ ግድን ቈጸራ ክትሕዝ ኣለካ። መደበር መመርመሪ ኣብቲ ናይ መዓስከርካ ዝርከቦ ንኡስ ዞባ ኣገልግሎት ጥዕና እዩ ዘሎ፡ ንክምርምረካን

መልሲ መርመራኹ ንክህበካን ሓላፍነት ዘለዎ ድማ እቲ ናይቲ ዘለኻዮ ንኡስ ዞባ ኣገልግሎት ጥዕና እዩ። ሰራሕተኛታት እቲ ዘለኻዮ መዓስከር ክሕጉዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ መልሲ መርመራኹ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ፡

- መልሲ መርመራኹ  እናተጸበኻ
- መልሲ መርመራ ኮሮና ምስ መጸካ
- እቲ መርመራ ኮሮናቫይረስ ከም ዘሎካ ዘርኢ እንተኾይኑ
- እቲ መርመራ ኮሮናቫይረስ ከም ዘይብልካ ዘርኢ እንተኾይኑ

እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browserካ ምስ እትጽሕፎ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ መልሲ መርመራኹ ዝሓዘለ ትረክብ፡ https://www.fhi.no/nettpub/coronavirus/infomateriell/informasjon-om-hjemmekarantene-og-isolasjon-pa-ulike-sprak/?term=&h=1

## ምልክታ ዕረፍቲ  ካብ መዓስከርካ

ካብ ዕለት 24 ሕዳር 2020 ክሳብ ዕለት 04 ጥሪ 2021 ዕረፍቲ ምውሃብ ኣይክፍቀድን እዩ። ዋላ`ኳ ኣቐዲሙ ተፈቒዱካ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ተዋሂቡካ እንተ ነበረ፡ ፍሉይ ከፍቅደልካ ዝኽእል ምኽንያት እንተ ዘይብልካ፡ ከምዘይፍቀደካ ሕጂ መልእኽቲ ክወሃበካ እዩ።

ኣዝዩ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ግን ዕረፍቲ ክዋሃበካ ይከኣል እዩ፡ ከም ንኣብነት ንዓኻ ወይ ቐረባ ቤተሰብካ ከም ናይ ጥዕና ጸገም እንተሃልዩ ወይ ክኣ ብምኽንያት ኣተሓሕዛ ጉዳይ ዑቕባኻ ዝምልከት ምስ ዝኸውን ክውሃበካ ይከኣል እዩ። ወለድን ደቆምን ንምትእኽኻብ ምስ ዝኸውን ውን ሕድገት ተገይሩ ክውሃብ ይከኣል እዩ። እዚ ንዓኻ ዝምልከት እንተኾይኑ ብደብዳቤ ካብ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክመጽኣካ እዩ።

እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browser ምስ እትጽሕፎ ብዛዕባ ሕግታት ዕረፍቲ ዝምልከት ሓበሬታታት ትረክብ፡ https://www.udi.no/globalassets/global/asyl,mottak/retningslinje---permisjon-fra-asylmottak.pdf

እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browserካ ምስ እትጽሕፎ ሓበሬታታት ብዛዕባ ሕግታት ዕረፍቲ ንበይነ-ትሕቲዕድመ ሓተቲ ዑቕባ ዝምልከት ትረክብ፡ https://www.udiregelverk.no/rettskilder/udi-retningslinjer/udi-2011-014/

## ምግዓዝ ኣብ መንጎ መዓስከራት

ካብ ሓደ መዓስከር ናብ ካልእ መዓስከር ክትግዕዙ እንተ ኾንኩም ብናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣይኰንኩምን ትጓዓዙ። ኣብ ጉጅለታት (በብምድብኩም) ካብ 5 - 10 ሰባት ትመቓቀሉ። እተን ጉጅለታት ነንሕድሕደን ርክብ የብለንን። መታን መልከፍቲ ከየስፋሕፍሕ ብዝተኻእለ መጠን መራኸቢታት ነጥብታት ብምውሓድ ኢልና ኢና ብኸምዚ ንገብሮ ዘለና። ስለዚ ድማ ወላ ሓንቲ ክሽነን ዓይኒ-ምድርን/ባኞን እውን ካብ 10 ሰባት ንላዕሊ ክጥቀሙላ ኣይፍቀድን እዩ።

ናብቲ ሓድሽ መዓስከር ምስ ከድኩም፡ ዝተኣታተወ ዓይነት ውሸባዊ ስጉምትታት ግድን እትኣትውዎ ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ እተን ዝተፈላለያ ጉጅለታት (ምድባት) ድሕሪ ምቕያርኩም ን 10 መዓልታት ዝኣክል ኣብ ነንሓድሕድኩም ርክብ ኣይክህልወኩምን እዩ ማለት እዩ።

ቅድሚ ናብ ሓድሽ መዓስከር ምቕያርኩም ብዛዕባ እቲ ሓድሽ መዓስከር ሓበሬታ ክወሃበኩም እዩ። ብዝተኻእለ መጠን ድማ UDI ንስድራቤታት-ቈልዑ ንምግዓዝ ብቐዳምነት ክሰርዕ እዩ።

### ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታትን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብ መንጐ መዓስከራት ዝካየድ ብዛዕባ ምግዓዝን መጓዓዝያን ዝምልከት ሓባራዊ ምኽሪ ነዲፉሮም ኣለው

ኣብታ ተገዓዕዝ መጓዓዝያ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ኣብ መንጎ ተጓዓዝቲ ክህሉ ኣሎዎ። እንተ ድኣ እቲ ጉዕዞ ልዕሊ ኣርባዕተ ስዓታት ዝወስድ ኰይኑ እቲ ኣብ መንጎ ተጓዓዝቲ ዘሎ ርሕቀት ልዕሊ ሓደ ሜትሮ ኰይኑ፡ ቍጽሪ ተጓዓዝትን እታ መጓዓዝያ ኣብ መንገዲ ጠጠው እትብለሉን ክውሕድ ይግባእ። ኣብቲ ጉዕዞ ኲሎም እቶም ተጓዓዝቲ መሸፈኒ ኣፍን ጸረ-ረኽሲ ፈሳሲን ግድን ክጥቀሙ ኣለዎም።

## ሓበሬታ ንወለዲ

### ምስ ደቅኹም ተዛራረቡ

እዚ ናይ ኮሮና ኩነታት ንዓኹም ከም ወለዲ ይኹን ንውላድኩም በዳሂ ክኾነኩም ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና። ምስ ውላድኩም ብዛዕባ ኮሮና ንክትዛራረቡ ንንላወበኩም፡ ከምኡ እውን ንመዓልታዊ ህይወትኩም ኣብዚ መዓስከር ብኸመይ ይጸልወኩም ከም ዘሎ። ምስ ውላድኩም ብዛዕባ እዚ ነገር ክትዛራረቡ ዘሸግረኩም እንተመሲሉ ነቶም ሰራሕተኛታት መዓስከር ሓገዝ ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ ውን ብዛዕባ እዚ ኩነታት እዚ ንዓኹም ወይ ንደቅኹም ይኹን ዝኸኑ ሕቶታት ወይ ሻቕሎታት እንተልዩኩም ክሕግዝኹም ይኽእሉ ኢዮም።

Redd Barna/ሬድ ባርና ብዛዕባ ኮሮና ምስ ውላድካ ብኸመይ ትዘራረብ ብዝብል ምኽርታት ኣለዎም። እዚ መራኸቢ እዚ ኣብ መገንጸሊ መርበብካ//browserካ ብምጽሓፍ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ፡ https://www.reddbarna.no/6-tips-til-hvordan-du-kan-snakke-med-barn-om-korona